# ንኮቪድ-19 ዝምልከት ማምርሒታት ማእታዊ ትምህርቲ

ቤት-ትምህርቲ ምምሕዳር ከተማ ሄለፎሽ፡ ንማምርሒታት በዓል-መዚ ህዝባዊ ጥዕና፡ ድሕነት-ለበዳ ዘባን ምንስትሪ ትምህርትን ማሰረት ብምግባር፡ ብዕለት 2 ሕዳር 2020 ንወለድን ተሓተትን ተማሃሮ ብዛዕባ ኮቪድ-19 ዝምልከት ሓበሬታ ሂባ ምንባራ ዝዝከር እዩ። እዚ ሓበሬታ`ዚ ከምዝለዎ የገልግል።

ንርዱእ ምኽንያት፡ ቤት-ትምህርቲ ንኩሳታት ተማሃሮ ኣብ ማእታዊ ደረጃ ዝምልከት ተወሰኺ ክበርህ ዘለዎ ነገራት ከምዘሎ ትግንዘብ። ንለበዳ ኮቪድ-19 ብኸመይ ክንገጥሞ ኣለና ንዝብል ዝተወስደ ውሳኔታት፡ ኣብ ክሊ ሞርሕነት ቤት-ትምህርቲ ወሪዱ ዝተወሰነ ኰይኑ፡ ንምኽሪ ምምሕዳር ዘባ ኦረብሩ፡ ካልኦት ኣብያተ-ትምህርታትን ዘካተተን ንማምርሒታት በዓል-መዚ ህዝባዊ ጥዕና ሽወደንን ምኒስትሪ ትምህርትን ሰረት ዝገበረ ውን እዩ።
ማእታዊ ቤት-ትምህርትን ካልኦት ዓይነታት ትምህርትን ንጥዕና ህጻናትን ኮተቴን ኣገዳሲ እዩ። ስለዝኾነ ከኣ ኣብ መንጎ ድሌታት ህጻናትን ኮተቴን፡ ትምህርቲ ናይ ምርካብ ማሰላቶምን ከምኡ ውን እቶም ለበዳ ንምድራት ተባሂሎም ዝውሰዱ ውሳኔታትን ኣመዛዚንካ ምኻድ የድሊ። ህልዊ ዝተበጽሐ ፍልጠት ከምዝሕብሮ፡ ህጻናት በቲ ለበዳ ምስ ዝልኸፉ ፍኹስ ዝበለ ምልክታት ለበዳ ኮቪድ-19 የርእዩ። ብዜካ`ዚ ኣብያተ-ትምህርታት ክሳብ ሕጂ ማእከል ምስፍሕፋሕ ለበዳ ኰይነን ኣይተረኸባን።

እቶም ኣብ ቤት-ትምህርቲ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ምስ ካልኦት ሞያዊ-ጉጅሌታት ኣነጻጺራ ክረኣዩ እንከለዉ፥ ብልዕል ማጠን ብለበዳ ኮቪድ-19 ክልከፉ ውን ኣይተራእዩን።

**ኣብ ትምህርቲ ናይ ምስታፍ ግዴታ - ንኹሎም ምልክታት ምጽላእ ዘይብሎም ጥዑያት ተማሃሮ ይምልከት**

ብኮቪድ-19 ዝተለኽፈ ኣባል ስድራ ዘለዎም ተማሃሮ ንሳቶም ክሳብ ምልክታት ሕማም ዘየርኣዩ፡ ናብ ቤት-ትምህርቲ ክመጹ ኣለዎም፡ ይኹን እምበር ኣብ ሓንቲ ስድራ ምልክታት ሜልከፍቲ ምስ ዝርአ`ሞ ውለዲ ደቆም ኣብ ገዛ ከትርፉ ምስ ዝውስኑ ቤት-ትምህርቲ ክትሕግዞም ድልውቲ እያ። ከምዚ ዓይነት ኩሳታት ምስ ዘጋጥም ዘይቅቡል ብኩራት ኣይክንምዝግበልኩምን ኢና። ይኹን እምበር እቲ ተማሃራይ ዝሓለፎ ከንብብ ናይ ምግባርን ማማሃሪ ማተርያል ናይ ምምጻእን ሓላፍነት ዝወስድ ግን ወላዲ ናይቲ ተማሃራይ እዩ።

ኣባጽሕ ዝኾኑ ሰራሕተኛታት ቤት-ትምህርቲ ኣብ ስድርኦም ብለበዳ ኮቪድ-19 ዝተለኽፈ ሰብ ምስ ዝህልዎምን 5 መዓልታት ኣብ ገዛ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ናይ ኮቪድ-19 መርመራ ክገብሩ ኣለዎም፡

**ንዝተሻቐሉ ሰባት ናይ ገዛ ትምህርቲ ኣይክንህብን ኢና።** እቶም ጥዑያት ዝኾኑ ኣብ ትምህርቲ ዘይሳተፉ ተማሃሮ ዘይምኽኑይ ብኩራት ክንምዝግበሎም ኢና። ቤት-ትምህርቲ ንብኩራት ካብ ትምህርቲ ብዝምልከት ንህልዊ ሕግታት እያ ትኽተል። እዚ ማለት ከኣ፡ ንውሕ ዝበለ ዘይምኽኑይ ብኩራት

ምስዘጋጥም ንሕጊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ቀጽሪ 14 ቀዳማይ ዓንቀጽ ማሳረት ብምግባር፡ ንቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ጉዳያት ንሕብር።

ተማሃራይ ወይ ውን ወላዲ ተማሃራይ ካብቶምነ ቲ ለበዳ ምስዝቃልዑ ተኣፈፍቲ ዝኾኑ ጉጅሌታት ምስዝኾኑ፡ ምስ ዳይረክተር ብምዝርራብ ፍሉይ ፍታሕ ክግበር ይኽእል።

**ፍኹስ ዝበለ ምልክታት ኮቪድ-19 ዘለዎምተማሃሮ፡ ወለዲ ወይ ውን ሰራሕተኛታት ቤት-ትምህርቲ ኣብህንጻ ቤት-ትምህርቲ ክርከቡየ ብሎምን።**
እቶምኣብ ትምህርቲ እንከለዉምልክታት ምጽላእ ዘርእዩ ተማሃሮ ገዛ ከምዝኸዱ ክንገብር ኢና።

**ንልዕሊ ሓደ መዓልቲ ዝጸንሕ ምልክታት ሕማምዘርእዩ ተማሃሮን ሰራሕተኛታት መርመራ ለበዳ ኮቪድ-19 ክገብሩ ኣለዎም፡** [ንመርመራ ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ på 1177.se](https://www.1177.se). እቲ መርመራ ብነጻ ዝካየድ እዩ።
ድሕሪ መርመራ ብኮቪድ-19 ምልካፉ ዝፈለጠሰብ፡ እንተወሓደ ካብታ ንመጀመርያ ግዜ ምልክታት ናይቲ ሕማምዝረኣየላ መዓልቲ ጀሚሩ ን 7 መዓልታት ገዛ ኮፍ ክብል ኣለዎ። ብድሕሪ`ዚ ውን ካብረስኒ ነጻ ጥዕንኡ ውን ናብንብሩ ድሕሪ ምምላሱን 2 መዓልታት ክጽበ ኣለዎ።

ድሕሪ መርመራ ነጻ ኩይኑ ዝተረኸበ ሰብ፡ ንጡፍ ካብረስኒ ውን ነጻ ምስዝኸውን፡ ናብ ስርሑ፡ ትምህርቱ ወይ ውን ካልእ ንጥፈታቱ ክምለስ ይኽእል።

**እቶምብሰንኪ ሕማምገዛ ኮፍ ኢሎምዝርከቡ ተማሃሮ መዓልታዊ ብመንገዲ ኢንፎሜንቶር (Infomentor) ብኩራት ክሕብሩ ኣለዎም**ተማሃሮ ዝሓለፎን ከንብቡን፡ ምስ ትምህርቲ ዝግበር ርክብን ካብ ትምህርቲ ዝውሰድ ትምህርታዊ ማተርያልን ብዝምልከት ሓላፍነት ዝወስዱ ውለዲ እዮም፡

**ምስፍሕፋሕ ለበባ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ንምድራት ምክልኻላዊ ስጉምታት ተወሲዶምኣለው፥**

- ናብ ወለዲ፡ ተማሃሮን ሰራሕተኛታትን ዝቐንዐ ምኽሪታትን ምክልኻላዊ ስጉምታትን ብዛዕባ ኮቪድ-19
- ንምሕጻብ ኢድ ድሕሪ ናይ ሽንቲ-ቤት ብጽሖት፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ከምኡ ውን ቅድሚምሳሕ ዝምልከት ሓበሬታ።
- ከምጣውላ፡ ብኢድ እንሕዞ ምነ ገራት፡ ናውቲ ማሳርሒታት ትምህርቲን ክፍልን ዝኣማሳሉ ነገራት ብቐጻሊ ምጽራይ።
- ርሕቀት ምሕላውን ኣብ እዋን ሪጋ ምስራዕ ፍንትት ምባልን ከምኡ ውን ሪጋ ዝፍጠረሉ ኩነታት ምውጋድ። ምልክታት ምሕላውርሕቀት።
- ኣብ ክፍሊ ፍንትት ኢልካ ሓደ-ብሓደ ኮፍ ምባል።
- ኣብቲ ንሰራሕተኛታት ዝምልከት ብኣካል ዝካየድ ኣኼባታት እንተበዝሑ10 ሰባት ምእንጋድ።
- ተማሃሮ ዘይምሕዋስ። ካብ ዝተፈላለየ ክላሳት ዝተዋጽኡ ልዕሊ 10 ዝኾኑ ተማሃሮ ካብ ምሕዋስ ምቑጣብን ርሕቀት ውን ምሕላውን።
- ብዝተኻእለ ማጠን ኣኼባታት ብዲጂታላዊ ሜልክዕ ከምዝካየድ ምግባር። ንኣብነ ት ኣብ እዋን ኣኼባታት ስራሕን ምስ ግዳማውያን ወገናት ዝግበር ኣኼባታትን።
- መምህራን ካብቲ ምስ ተማሃሮ ዘሕልፍዎ ግዜ ወጻኢ ዘሎናይ ስራሕ ሰዓታቶምኣብ ገዛ ኩይኖምከምዝሰርሑምግባር።
- ኣብ መመገቢ ክፍሊ ብዝተኻእለ ማጠን ተመገብቲ ፋሕ ኢሎምኮፍ ከምዝብሉ ምግባር።

- ነቶም ኣብ ማባእታ ዝማሩ ተማሃሮ እኹል ቦታ ንምግዳፍ ካብ ዝብል ተማሃሮ ካልኣይ ደረጃ መግቦም ሒዞም ኣብ ቤት-ትምህርቲ ፊል-ስኩላን ከምዝምገቡ ምግባር።
- ዝስተ ክውስኽ ዝደሊ ሰብ ሓድሽ ጥርሙዝ ጌሩ ክወስድ ምግባር።
- ስፖርታዊ ትምህርቲ፡ ናይ ደገ ኩነታት-ኣየር ምስ ዘፍቅዶ ጥራይ ይካየድ። ኣካላዊ ቅርበት ዝዕድም ስፖርታዊ ጥፈታት ከምዝውገድ ምግባር።
- ወለዲ ተማሃሮ ይኹን ካልኦት ግዳማውያን ወገናት ኣብ ዝደለይዎ እዋን ናብ ቤት-ትምህርቲ ከይመጹ ምእጋድ። ቆጸራ ዘለዎም ወገናት ጥራይ ናብ ቤት-ትምህርቲ ክመጹ ምግባር።
- ምርካብን ምውሳድን ህጻናት ኣብ ግዳም ወይ ውን መእተዊ ክፋል ህንጻ ይካየድ።
- ሰራሕተኛታት ይኹኑ ተማሃሮ ክገሹ ኣይፍቀድን።
- እቶም ምልክታት ሕማም ኮቪድ-19 ዘርእዩ ሰባት ንገዛ ከምዝኸዱ ይግበር።
- ብሕማም ኮቪድ-19 ዝተጠቕዐ ሰብ ዘለዋ ስድራ ውላዳ ኣብ ገዛ ኮፍ ከተብሎ ምስእትውስን፡ ቤት-ትምህርቲ ንወለዲ ሓገዝ ትገብረሎም። ብኸምዚ ዓይነት ምኽንያት ዝበኾረ ተማሃራይ ዘይምኽኑይ ብኩራት ኣይክጸሓፈሉን እዩ።

*ቤት-ትምህርቲ ብቐጻሊ ንመምርሒታትን ምኽርን ሰብኡማዚ ሃገር ትኽተልን፡*
*ነዚ ማእረት ብምግባር ከኣ፡ እትህቦ ሓበሬታን ስጉምታትን ውን ተሐድስ።*
*እዚ ኣብ ላዕሊ ሰፊሩ ዘሎ ሓበሬታ ንቐጻሊ ተግባራዊ እዩ።*

*ሚርሕነት ቤት-ትምህርቲ*
*ማባእታዊ ቤት-ትምህርቲ ሄለፎሽ*